<u>መስቀል ዝኣሰረ ሰይጣን፡፡</u>

ኣብ ምስላታት ትግርኛ <u>“ቀሺ ዝበለካ ግበር ቀሺ ዝገበሮ ኣይትግበር”</u> ዝብል ምሳሌ ኣሎ። እዚ ቢሂል’ዚ ብዘይ ምኽንያት ዝተባህለ ኣይመስለንን። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ግን ቀሺ ዝበለካ ዘይትገብረሉ ደረጃ’ውን በጺሕና ኣሎና። ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ እቶም ብዙሓት ንጹሃት መራሕቲ ሃይማኖት ምእንቲ ራህዋን ፍቕርን ህዝቦምን ሰላም ሃገሮምን መንፈሳዊ ጉቡኦም ዝፍጽሙ ሓደ ክልተ መስቀል ዝኣሰሩ ሰይጣውንቲ ስለ ዝርከቡ። ፖሎቲካን ሃይማኖት ብዝኾነ መልክዕ ዘራኽብ የብሉን። ሎሚ ንዕዘቦ ከም ዘሎና ግን መኣዝኖም ዝሰሓቱ ኣቕሽሽቲ መንፈሳዊ ተልእኮ ገዲፎም ኣብ ፖሎቲካዊ ግዕዘይ ተዋፊሮም ናይ ብሕታዊ ጥቕሞም ንምርዋይ ብሓሶት ህዝቢ ከታልሉ ስለ ዝርከቡ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣየ ሎሚ እንኳንዶ ቀሺ ዝገበሮ ዝበለካውን ክትገብሮ ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ በጺሕና ኣሎና ዘበለኒ።

ሓደ ዓቢ ኣብነት ዝኾነና ኣብቲ ብወርሒ መስከረም ዕለት 14, ክልተ ሽሕን ዓሰርተ ሹድሽተ (9/14/2016) ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ወጻኢ ጉዳያት ንኡስ ኮሚተ ኣብ ትሕቲ (Subcommittee Hearing: Eritrea a Neglected Regional Threat) ኢሉ ዝሰመዮ ኣጀንዳ ምስክርነቱ ክህብ ቀሪቡ ዝነበረ ቀሺ ሃብቱ ገብረኣብ ዝተባህለ መንፈሳዊ ሓላፍነቱ ሲሒቱ ሰይጣናዊ ተልእኮ ከተሓላልፍ ምፍታኑ እዩ። እዚ ቀሺ’ዚ ካብቲ ባዕሉ ዝገለጾ ኣብ ኢትዮጵያ ተወሊዱ ዝዓበ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉ ሂወቱ ክኸፍል ከሎ ዝነበሮ እጃም ዘይገለጸ፣ እንተ ኾነ ግን ነጻነት ከስተማቕር ንኤርትራ ሓደ ግዜ ከምዝኸደ ይዛረብ። ነቲ ብልሒ መላጸ ሰጊሩ ዓወት ህዝብና ዘበሰረ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ክውንጅልን ክኸስስ ምስምዑ፡ ብመጀመሪያ ንቕሽነቱ’ዩ ኣራኺሱ። ብኻልእይ ደረጃ ባህልን ታሪኽን ጅግንነት ኤርትራዊያን ዘይፈልጥ ኣብ ክንዲ ንሰላም ፍቕርን ዝጽሊ፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ጋግ ክፈጥር ዝተዓሰበ ካብ መንፈሳዊ ተልእኮ ዝወጸ ምስክርነት ምሃቡ’ዩ። ብዋጋ መስዋእትነት ዝተረኽበ ሰላም ዝዘርግ ይመከት።



ቀሺ ሃብቱ ገብረኣብ።

ንትሕዝቶ ምስክርነቱ ንምርካብ ኣብ (Subcommittee Hearing: Eritrea a Neglected Regional Threat) ብምፍታሽ ክትሰምዕዎ እምሕዘን። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ክፈላሊ ዝተበገሰ ሸርሒ ዕሱብነት ኣንፈቱ ናበይ ዘበለ ምኧኑ ኩልና ንስሕቶ ኮይኑ እይስማዓንን።

ሓድነትና ዝበታትን በርዓኒ’ዩ።
ዝኽሪ ንስማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።